# ንልደት ንሰናዶ

## ናብ ልደት ዜብጽሕ ጕዕዞ

ካብ 17 ታኅሣሥ 2006 ጀሚርና ክሳብ 6 ጥሪ ( ብናይ ግዕዝ ኣቈጻጽራ ድማ 10 -28 ታኅሣሥ 1999) ዘሎ ሠለስተ ሰሙና ናይ ቀረባ ንልደት ምቅርራብ ጊዜ ኢዩ።

ቀዳማይ **ሰሙን** (17-23) **ዘስብከት** ይበሃል። ካብ ወንጌል ዮሓንስ 1፡44-51 ተነቢቡስ፡ ኢየሱስ ንፊሊጶስ ዚበሃል መንእሰይ ጸዊዑ፡ "ተኸተለኒ!" ይብሎ። ፊሊጶስ ሽዑ ንሽዑ ኵሉ ሓዲጉ ይስዕቦ። ኣብ መንገዲ ንሓደ ወዲ ዓዱን ዓርኩን ናትናኤል ዚበሃል ይረክብ እሞ፡ "ነብያት ዚዛረቡሉ መሲሕ ረኺብናዮ!" ኢሉ ይነግሮ። ናትናኤል ድማ ኢየሱስ ወዲ ናዝሬት ምዃኑ ምስ ፈለጠ፡ "ኻብ ናዝሬትዶ እንታይ ቁም ነገር ኪርከብ ደልዩ ኢዩ!" ኢሉ ኪኣብዮ ምስ ደለየ፣ "ነዓ እሞ ባዕልኻ ተዓዘቦ!" ምስ በሎ፡ ናትናኤል ይኸይድ እሞ፡ ኢየሱስ ድማ ድሮ ኣለልዩዎ ከምዝጸንሐ ምስ ገለጸሉ፡ ናትናኤል ይማረኽን ንኢየሱስ ድማ ይኣምኖ። ኢየሱስ ግን፡ "ካብዚ ዚዓቢ ገና ካልእ ኣሎ!" ኢሉ ምስ ደቂ መዛሙርቱ ይቈጽሮ።

ስለዚ ሎሚ ፊሊጶስ ኣብነት ይኾነና፡ ናይ ኢየሱስ ዕድመ ብሕጉስ ልቢ ምስማዕ እኹል ኣይኮነን፡ ካልኦት እውን ንኢየሱስ ኪፈልጡዎን ኪስዕቡዎን ምግባር የድልየና። ሓዋርያትን (ልኡኻት ማለት ኢዩ) ኣበሠርትን ልደት ክርስቶስ ኣብ ሕይወት ምእመናን ክንከውን የድሊ።

ቤተክርስትያን ኣብዚ ሰሙን ከምዚ ኢላ ትዝዩም፡

*ወልዶ ወመድኅነ ንሰብክ፡*
*ዘእምቅድመ ዓለም ሀሎ*
*አክሊለ ሰማዕት፡*
*ሠያሜ ካህናት*
*ወተስፋ መነኮሳት*
*ወልዶ ወመድኅነ ንሰብክ፡*

*ዘተገብረ በሕግ ኦሪት*
*ምጽአቶ ሰበኩ ነብያት*
*እግዚአ ለሰንበት*
*ዘይዜንዋ ለጻዮን*
*ቃለ ትፍሥሕት በነብያት ተሰብከ*

*ተሰብከ መድኅን ክብረ ቅዱሳን*
*ኣብ ወእም ዘይከውን ለኵሉ ዓለም*
*ነብያት ሰበክዎ፡ ሐዋርያት ተለዉ አሠሮ*
*መድኃኒነ ሠርዐ ሰንበተ በቃሉ*
*ወጸገወ ሰላመ ለኵሉ።*

ብሕጊ ኦሪት ዝተገብረ፡
ነብያት ምጽኣቱ ሰበኹ
ጐይታ ሰንበት
ንጽዮን ቃል ታሕጓስ
ዜበሥራ ብነብያት ተሰብከ

ወዱን መድኃኒ ንሰብኽ
ቅድሚ ዓለም ዘሎ፡
ኣኽሊል ሰማዕታት፡
ሽመት ካህናት
ተስፋ መነኮሳት
ወዱ መድኅን ንሰብኽ።

ክብሪ ቅዱሳን መድኃኒ ተሰብከ
ንምሉእ ዓለም ኣቦን ኣደን ዚኸውን
ነብያት ሰበኽዎ፡ ሓዋርያት ኣሰሩ ተኸተሉ
መድኃኒና ሰንበት ሠሪዑ፡
ብቃሉ ሰላም ንኹሉ ሸለመ።

ካልኣይ **ሰሙን** (24-31) ***ዘብርሃን*** ይበሃል። ካብ ወንጌል ዮሃንስ 1፡ 1 - 19 ዝተወስደ ጥቕሲ መምርሒ ናይ ምሉእ ሰሙን ኪኾነና ኢዩ፡ "ዮሓንስ ብዛዕባ ብርሃን ኪምስክር መጸ፡ ንሱስ ብርሃን ኣይነበረን። ንምሉእ ዓለም ዜብርህ ብርሃን ሓቂ መጸ ... ዓለም ግና ኣይፈለጠቶን። ናብቶም ናቱ መጸ ንሳቶም ግና ኣይተቐበልዎን ... እናበለ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ኣብ ሞንጎ ብርሃንን ጸልማትን፡ ናይ ክርስቶስን ዘይናይ ክርስቶስ፡ ሥጋውያንን መንፈሳውያንን ዘሎ ምስሕሓብ ይገልጸልና እሞ፡ ንበዓል ልደት ክነብዕል ክንሰናዶ እንተደኣ ኰይና ሓድሓደ መሠረታዊ ምርጫ፡ ኣብ ሞንጎ ብርሃንን ጸልማትን፡ ሥጋን መንፈስን፡ ክርስቶስን ዓለምን ክንገብር ግድን ምዃኑ ብእዋኑ ክንፈልጥ ኣለና።

መዝሙር ናይዚ ሰሙን እዚ፡

| | |
|---|---|
| *ኣቀዲሙ ነገረ በኦሪት (2)*<br>*ከመ ይመጽእ ወልድ በስብሐት*<br>*ዘይዜንዋ ለጽዮን ቃለ ትፍሥሕት*<br>*ወካዕበ ይቤ በአፈ ዳዊት፡*<br>*ብሩክ ዘይመጽእ በስመ እግ/ሔር*<br>*ብርሃን ዘመጽአ ውስተ ዓለም*<br>*ዘያበርህ ላዕለ ጻድቃን፡*<br>*መርዓዊሃ ለቤተክርስትያን*<br>*ይርዳእ ዘተኀጕለ፡*<br>*ያስተጋብእ ዝርዋነ መጽአ ኀቤነ።* | ንጽዮን ቃል ታሕጓስ ዜበሥራ<br>ወዱ ብክብሪ ከምዚመጽእ<br>ኣብ ኦሪት ኣቐዲሙ ነጊሩ ነበረ።<br>መሊሱ ብኣፍ ዳዊት "ብስም እግዚኣብሔር<br>ዚመጽእ ብሩኽ ኢዩ" ኢሉ ነበረ።<br>ናብ ዓለም ዚመጽእ<br>ንጻድቃን ዜብርህ ብርሃን፡<br>መርዓዊኣ ንቤተክርስትያን፡<br>ንዝተጨነቐ ዚረድእ፡<br>ዝተበተኑ ዚእክብ፡ ናባና መጸ። |
| *በከመ ይቤ ጳውሎስ ንግድፍ እምላዕሌነ ኵሎ ምግባረ ጽልመት ወንልብስ ወልታ ጽድቅ እስመ ኢየሱስ ክርስቶስ መጽአ ወስተ ዓለም ንዑ ናንሶሱ በብርሃኑ።* | ጳውሎስ ከምዝበሎ፡ ኢየሱስ ክርስቶስ ናብ ዓለም ይመጽእ ኣሎ እሞ ተግባር ጸልማት ዘበለ ካባና ነውጽኦ፡ ዋልታ ጽድቂ ለቢስና ከኣ ብርሃኑ ክነናዲ ንዑ። |
| *በብርሃነ ስብሐቲሁ - ወበጽንዐ ኀይልሉ ተሰብከ ወልድ እምኀበ ኣቡሁ - ዘይነግሥ ለመዛግብተ ብርሃን ዘእምቅድመ ዓለም ህላዌሁ፡ መልአ ምድረ ስብሐቲሁ - መድኀኒነ ውእቱ ወርዐ ሰንበተ በቃሉ - ወጸገወ ሰላመ ለኵሉ።* | ብብርሃን ክብረቱን ብጽንዓት ኃይሉን ካብ ኣቦኡ ዝነግሥ ወልድ ተበሢሩ ኣሎ፡ ህላዌኡ ቅድሚ ምንጭታት ብርሃን ዝነበረ ምድሪ ብክረቱ መንአ። ንሱ መድኃኒና ኢዩ እሞ፡ ብቃሉ ሰንበት ሠርዐ፡ ንኵሉ ከኣ ሰላሙ ለገሰሉ። |

ሣልሳይ ሰሙን (1 -5) ዘኖላዊ ይበሃል፡ ኣብዚ ሰሙን ዚንበብ ወንጌል ድማ ካብ ዮሓንስ 10 ፡1 - 21። ኢየሱስ፡ "ኣነ ሕያዋይ ጓሳ ኢየ፡ ነተን ኣባጊዔይ በብሓደ እፈልጠን፡ ንግሆ በስማተን ጸዊዐ የውፍረን፡ ምሸት ድማ ቈጺረ ናብ ደምበ እመልሰን። ምእንቲ ኣባጊዐይ ሕይወተይ አውፊ፤ ንሳተን ድማ ይሰምዓኒ፡ ድምጸይ የለልያ፡ ደድሕረይ ይኽተላኒ ..." ይብለና። ነዚ ከምዚ ገይሩ ዚፈልጠና ኢየሱስ ንሰምዮዶ? ንኽተሎዶ? ኣብ ገደል ከምዘየእትወና፡ ብሥጋን ብነፍስን ከምዝረድኣና ንኣምንዶ? ኢልና ሕልናና እናመርመርና፡ ተኣማምነትና ኣደልዲልና ክንቀራረብ ይዕድመና።

ሰሙን መዛሙር ቤተክርስትያን ከምዚ ይብል፡

ኖላዊ ዘመጽአ ውስተ ዓለም
ወልዱ ወቃሉ ለእግዚአብሔር
ዘወረደ እምላዕሉ በዐቅሙ ክርስቶስ
እስመ ውእቱ እግዚአ ለሰንበት
ይቤሎ አብ ለወልዱ ወልድየ ንበር በየማንየ።

ለክርስቶስ ህላዌሁ ነአምን፡
ወንስግድ ውስተ ጽርሑ ቀዋሚት
በዕለተ ሰንበት ያድኀነነ ወረደ ኖላዊ ኄር፡
ኖላዊሆሙ ለእስራኤል።

እትአመነክሙ አኃዊየ ከመ ትፈጽሙ ኵሎ ምግባረ ሠናይ፡ ወጽጉባን ኣንትሙ በኵሉ ጥበብ ወትክሉ ነጊረ ወምሂረ በእንተ ኢየሱስ ክርስቶስ። ነኣምን አብ ፌናዌ፡ ወልድ ተፈናዌ፡ መንፈስ ቅዱስ ማሕየዌ ዐቢየ ኖላWኤ ሰማያዌ።

ፈኑ ሰላመ ላዕለ ሕዝብከ ኖላዌ ኄር፡ ስቡሕ መኑ ከማከ እምሰማይ ወረድከ በትእዛዘ አቡከ ከመ ትቤዙ ሕዝበከ፡ ለዕረፍተ ሰንበተ ሠራዕከ።

ወዱን ቃሉን ንእግዚኣብሔር
ናብ ዓለም ዝመጸ ጓሳ
ካብ ላዕሊ ዝወረደ ክንዲ ክርስቶስ
ንሱ ጐይታ ሰንበት ኢዩ እሞ፡
ኣቦ ንወልድ "ወደይ ብየማነይ ኩን!" በሎ።

ህላዌ ክርስቶስ ንኣምን፡
ኣብ ውሽጢ ቀዋሚት ኣደራሹ ንሰግድ
ሕያዋይ ጓሳ፡ ጓሳኦም ንእስራኤል
ኬድኀነና ብሰንበት ወረደ።

ኣሕዋተይ ኵሉ ተግባር ሰናይ ከምእትገብሩ እእመነልኩም ኢየ። ንስኻትኩምሲ ብኵሉ ጥበብ ጽጉባት ኢኹም። ብዛዕባ ኢየሱስ ክርስቶስ ክትነግሩን ክትምህሩን ትኽእሉ ኢኹም። ኣቦ ለኣኺ፡ ወልድ ተለኣኺ፡ መንፈስ ቅዱስ ሕይወት ዚህብን ዓቢይ ሰማያዊ ጓሳን ምዃኑ ንኣምን።

ኦኄያዋይ ጓሳ፡ ሰላምካ ኣብ ልዕሊ ሕዝብኻ ፈኑ፡ ክቡር ከማኻኸ መን ኣሎ? ካብ ሰማይ ብትእዛዝ ኣቦኻ ዝወረድካ ንሕዝብኻ ምእንቲ ክትብጀዎ። ንሰንበት ንዕረፍቲ ሰራዕካያ።

**ድሮ ልደት (ጾመ ገሃድ) መርዓዊ ወይ ኣማኑኤል** ተባሂሉ፡ ብዝበርተዐ ጾምን ጸሎትን ክንሰናዶ ንጽዋዕ። ኣብ ወንጌል ወለዶ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ወዲ ዳዊት፡ ወዲ ኣብርሃም ወዲ ኣብራሃም ነንብብ። ካብ ሮሜ 8፡ 3- 17 እውን፡ "ኣምላኽ ንወዱ ብምስሊ ኃጢኣተይና ሥጋን ከም መሥዋዕቲ ኃጢኣትን ልኢኹ ነቲ ኃጢኣት ብሥጋ ኾነኖ። ... እምበኣር ውሉድ ካብ ኮና ወረስቲ ድማ ኢና፡ ንኣምላኽ ወረስቱ፡ ንክርስቶስ መዋረስቱ ኢና። ምስኡ ሓሳረ መከራ እንተጸገብና፡ ምስኣኡ`ውን ክንከብር ኢና።"

ኣምላኽ ነቲ ሓደ ውሉዱ ዝለኣኾ፡ ንዓና'ውን ውሉዱ ኪገብረና ኢሉ ኢዩ እሞ፡ ክንደይ ዝዓቢ ዕድል ኢዩ እዚ ናትና። በዓል ልደተ ክርስቶስ ድማ ክብረትና ክንደይ ከምዚዓቢ ክነስተንትን ምኽንያት ይኾነና።

በዚ ዕለት ዚዝመሩ መዛሙር ነቲ ሠለስተ ሰሙን ዘስተንተናዮ መልእኽቲ ጠርኒፉ የምጽኣልና። ንኣብነት፡

*ወእንዘ ሀለዉ ሀየ በጽሐ ዕለተ ወሊዶታ፡*
*ወወለደት ወልደ ዘበኵራ፡ ወአንትኒ ቤተ*
*ልሔም ምድረ ሳይዳ፡ እምኔኪ ይወጽእ*
*ንጉሠ ይሁዳ፡ አዋልደ ጢሮስ አሜሃ*
*ይሰግዳ፡ ክቡራት ዕንቍ መሠረታ፡ ብእሲ*
*ተወልደ ውስቴታ፡ ይሰግዱ ሎቱ ኵሎሙ*
*ነገሥታተ ምድር፡ አምሀሁኒ ወርቀ ክርቤ*
*ወስኂነ፡ ወነዋ ተወልደ መድኃኔ ዓለም፡*
*ፍሥሐ ለኵሉ ዘየአምን።*

*ንሰብክ ወልደ እምዘርአ ዳዊት ዘመጽአ፡*
*ወተወልደ በሥጋ ሰብእ፡ እንዘ ኢየዐርቅ*
*እመንበረ ሰብሓቲሁ ውስተ ማኅጸነ ድንግል*
*ሐደረ። ሥጋ ኮነ ወተወልደ፡ ትጉሃነ*
*ይአምኑ ልደቶ፡ ወሱራፌል ይቀዉሙ*
*ዓውዶ፡ መጽአ ይቤዝወነ፡ ውስተ ዓለም*
*ይሃበነ ሰላመ፡ ጋዳ ያበውኡ ቍርባነ።*

ኣብኡ እንከለዉ መዓልቲ ሕርሳ ኣኸለ እሞ፡
ቦኹሪ ወዳ ወለደት፡ ስለዚስ ንስኺ እውን
ቤተልሄም ምድሪ ቤተሳይዳ ካባኺ ይወጽእ
ንጉሥ ይሁዳ፡ ኣዋልድ ጢሮስ ሽዑ ይሰግዳ፡
ክብር ዕንቍ ዝመሠረታ፡ ሰብኣይ ኣብ
ውሽጣ ተወልደ፡ ኵሎም ነገሥታት ምድሪ
ይሰግዱሉ፡ ገጸበረኸት ወርቅን ከርቤን
ዕጣንን (የምጽኡሉ)፡ እንሆ መድኃኔ ዓለም
ተወልደ፡ንኵሉ ኣማኒ ሓጕስ ዚኸውን።

ካብ ዘርኢ ዳዊት ዝመጽእ ወልድ ነብሥር፡
ብሥጋ ሰብ ተወሊዱ፡ ካብ ዙፋን ክብረቱ
ከይወረደ ኣብ ማኅጸን ድንግል ኃደረ፡ ሥጋ
ኮይኑ ተወልደ፡ ትጉሃን ብልደቱ ይኣምኑ፡
ሰራፌል ኣብ ዙርያኡ ይደዱ። ኪብጀወና
መጸ፡ ኣብ ዓለም ሰላም ኪህበና መጸ፡
ገጸበረኸት ከም ሞባእ የቕርቡሉ።